KREIS BERGSTRASSE
DER KREISAUSSCHUSS

# (ከባቢ በርግሽትራሰ

ኮሚቴ ከባቢ)

## በጃኹም ኣስተውዕልሉ

ዝኸበርኩም ወለዲ,

ናብ ቤት ትምህርትታትን ናይ ሞያ ትምህርቲ ትካላትን ንምብጻሕ፣ ከተኽብርዎም ዘለውኹም ፍሉያት መመርሒታት ኣለዉ።

መምርሒታት ብዘየካ ኣብ ካልእ፣ ኣብ እቶም ናይ ዘባታት ትእዛዛት (እቶም ትእዛዛት ምክልኻል ትካላትን ትእዛዛት ምውሻብን ተባሂሎም ዝፍለጡ)ን ኣብ እቲ እዋናዊ ዝኾነ ሓፈሻዊ ምሕጋግ ናይ እቲ ከባቢ በርግሽትራሰ ናይ ዕለት 01.04.2021 ተመዝጊቦም ኣለዉ።

እንተደኣ እቶም ናይ መጀመርያ ምልክታታት ኣለዎም፣ቆልዑ ናብ ቤት ትምህርትታትን ናይ ሞያ ትምህርቲ ትካላትን ክኸዱ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። እቲ ቆልዓ ናብቶም በታታት ክኸይድ ዝፍቀደሉ፣ ድሕሪ እቶም ናይ ሕማም ምልክታታት ፈጺሞም ምስ ጠፍኡ ጥራሕ ኢዩ።

ገለ ካብቶም ከም ምልክታት ሕማም ዝፍለጡ፣ ረስኒ፣ ንቑጽ ሰዓል፣ ናይ መግቢ ጣዕሚ ዘይምልላይ፣ ናይ ምሽታት ክእለት ምጥፋእ ኢዮም።

ካልኦት ምስ እቲ ቆልዓ ሓቢሮም ዝነብሩ ሰባት እንተደኣ ናይ ሕማም ምልክታት ኣለዎም ኮይኑ፣ እቲ ህጻን ናብ ቤት ትምህርትታትን ናይ ሞያ ትምህርቲ ትካላትን ክኸይድ ኣይፍቀደሉን ኢዩ፣ ክሳብ እቶም ምስኡ ሓቢሮም ዝነብሩ ሰባት እቶም ናይ ሕማም ምልክታቶም ፈጺሞም ዝጠፍኡ።

ቆልዑ ናብ ቤት ትምህርትታትን ናይ ሞያ ትምህርቲ ትካላትን ክኸዱ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ፣ እንተደኣ ሓደ ሰብ፣ ምስ እቲ ቆልዓ ሓቢሩ ዝነብር፣ ሓደ ፖዚቲቭ ናይ ኮሮና-ቫይረስ-ዛርስ-ኮቭ-2 ውጽኢት መርመራ ኣሊዩዎ (ኣንቲ-ገን ቅልጡፍ መርመራ ወይ ባዕልኻ እተካይዶ መርመራ/ መርመራ ብተራ ሰብ)። ድሕሪ እቲ ዝምልከቶ ሰብ ሓደ ነጋቲቭ ናይ ፕሰኤር-መርመራ ኣለዎ ጥራሕ ኢዩ እቲ ህጻን እንደገና ናብ እቶም ትካላት ክኸይድ ዝፍቀዶ።

እንተደኣ ሓደ ምስ እቲ ህጻን ሓቢሩ ዝነብር ሰብ ብናይ ሓደ ፒሲኤር-መርመራ ፖዚቲቭ ተመርሚሩ፣ ኩሎም ኣብ እቲ ገዛ ብሓባር ዝነብሩ ሰባት ብቐጽበት ኣብ ምውሻብ ክኣትዉ ኣለዎም። እዚ ከኣ እቲ ቆልዓ ንባዕሉ እውን ፖዚቲቭ እንተተመርሚሩ ብሓደ ናይ ፒሲኤር መርመራ እውን ክፍጸም ኣለዎ። ምውሻብ ማለት፣ ንስኹም ካብ ገዛኹም ወይ መንበሪኹም ንእንዳ ሓኪም ንምኻድ ወይ ናይ ኮሮና መርመራ ንምግባር ጥራሕ ክትውጽኡ ይፍቀደልኩም ማለት ኢዩ። ሰብ ክበጽሓኩም ኣይፍቀድን ኢዩ። እዚ ከኣ እንተወሓደ ን 14 መዓልትታት ወይ ከኣ ነቶም እቲ ቤት ጽሕፈት ናይ ጥዕና ሂብኩም ዘሎ ናይ ምውሻብ መዓልትታት ክሳብ ዝውድኡ።

እንተደኣ ሓደ ምስ እቲ ህጻን ብሓባር ዝነብር ሰብ ኣብ ምውሻብ ኣሊዩ፣እቲ ቆልዓ ከም ኣራኻቢ-ሰብ ተመሊሱ ናብ ቤት ትምህርትታትን ናይ ሞያ ትምህርቲ ትካላትን ክኸይድ ዝፍቀደሉ፣ እቲ ናይ ምውሻብ ጊዜ ነዚ ሰብ ድሕሪ ምውድኡ ጥራሕ ኢዩ።

እንተደኣ ናይ ሓኪም ሓገዝ ዘድልየኩም ኮይኑ፣ መጀመርያ ናይ ገዛ ሓኪምኩም፣ ናይፍሉይ ኩነታት- ወይ ህጹጽ ኩነታት ኣገልግሎት ኤመርጀንሲ ደውልሎምን ንስኹም ኣብ ውሸባ ከምዘለኹምን ንገርዎም።

ምስ ናይ ኣኽብሮት ሰላምታ

ናትኩም Gesundheitsamt des Kreises Bergstraße
(ናይ ጥዕና ቤት ጽሕፈትኩም ከባቢ በርግሽትራሰ)